# ብግዳም ዓወት ብውሽጢ ጥልመት

## ታሽዓይ ክፋል።

**(ብተስፉ ዘውደ)**

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ኣርእስተይ ክልውጥ ከም ርእይቶ ስለ ዝቐረበ ተቐቢለዮ። እዛ ሓዳስ ኣርእስቲ ከም ምርጫ ኣስፈረያ ዘለኹ ,, ብግዳም ዓወት ብውሽጢ ጥልምት“ ምስቲ ብተኻታታሊ ዝጽሕፎ ዝቐነኹ እውን ትሳማማዕ ኢያ። ብጸተይ ነቲ ዝቐረበት ,,ቅልዕቲ ደብዳበ ንመምህር ተስፉ ዘውደ” ትብል፣ ናብ ዘየድሊ መኣዝን ዝጠዊ መስመር ኣቲኻ ትቕጽሎ ዘለኻ ዘዕግበና ትሕዝቶ መታን ከይትወጽእ፣ ናይ ጻሕሲ ምልውዋት ዘምጽኦ ለውጢ ስለ ዘየለ ንርእይቶ ጸሓፊ ተቐበሎ ዝብል መልእኽትን ብኢ.መይል ካብ ጀርመንን ኣመሪካን ጽሒፎምለይ። ኣቐድም ኣቢሉ ነታ ናይ ኣቶ ኢሰያስ ኣስፈሃ ጽሕፍቲ ስለ ዘየንበብክዋ ሓደ ሓው ካብ ላንደን ደዊሉ ከንብባ ይሕብረኒ። ናይቶም ብጸተይ መልእኽትታት ቅድሚ ምምጽኦን መልሲ ንኢሰያስ ኣስፍሃ ግን ብተጎርባን ብኣሰናን ምላሽ ምሃበይ ዝዝከር ኢዩ። ነዛ ከም ኣርእስቲ ኣስፈረያ ዘለኹ ትመሳሰል ድማ ኣብታ ጽሕፍተይ ኣላ። ኮይኑ ግን ካብ ብጸተይን መቓልስተይን እዘን ኣብ ታሕቲ ኣስፈረየን ዘለኹ ክመርጽ ርእይትኦም ብጹሑፍ ማለት ብኢ.መይል መልእኽቶም በጺሐናኒ። ነፍስ-ወከፍ ኣርእስቲ ኩለን ዝሰማማዓን ነቲ ዝጽሕፎ ዘለኹ ዝሰማማዓን ዝቃደወን ኢየን እሞ ምስጋናይ ይብጽሓዮም እብል። ንሰን ድማ እዘን ዝስዕባ ኢየን።

1. ንይምሰል ናጽነት ብስውር ባርነት።
2. ቃልስና ሓርነት ዓስብና ጊላነት/ባርነት።
3. ንህዝቢ ሕንዚ ንህግደፍ ብርዚ።
4. ብግዳም ብሩር ብውሽጢ ሕሩር።
5. ብግዳም ዓወት ብውሽጢ ጥልመት።
6. ብቓልሲ ናጽነት ብወፍሪ ባርነት።
7. ኣዋጃትና ወፍሪ ምህርትና በትሪ።

ዝኾነ ኮይኑ ባርነት ወፍሪ ዝብላ ቃላት መታን ከይጥቀመለን ነታ ኣብ ቁጽሪ 5 ዘላ መሪጸ። ብዝኾነ ነተን ዝሓለፋ ሸሞንተ ኣርእስትታት ንድሕሪት ተመሊሰ ክልውጠን ስለ ዘይክእል ነፍስ--ወከፍ ኣንባቢ ወይ ኣንባቢት …ብግዳም ዓወት ብውሽጢ ጥልመት… ተባሂለን ክንበባ እላቦ። ካብ ኣብ ጓል መንገዲ ናብቲ ትሕዝቶ ገጸይ ከቕንዕ እመርጽ። እንተ ናይ ህግደፍ ቀጭ ቀጭ ለሚደዮን ምስቲ ናይ ሓሶት መስመሮም ቆርበት ሓርማዝ ለቢስካ ምንባር ከም ንቡር ካብ ዝወስዱ ዛጊድ ዘበናት ኮይኑኒ ኣሎ። ኣነ ግዳ ውልቀ-ሰብ ኢየ፣ ሃገር ብምልእታ 30 ወይ 40 ዓመታት ክትጽበ ኣለዋ ዝብል መርገጺ ናይ እስቲፋኖስ ሽፍታ ክትጽመምን ዝብል ኣዋጅ ብሓባር ዝሰማዕናዮ ይኸፍእ። ኣመትና ጥራይ ንግበር ዝብል ርእይቶይ ክህብ እፈቱ። ቆፎ መዓርና ተበርቢሩ፣ ግራውትና ባዲሙ፣ ሓጹርና ፈሪሱ፣ ዘርእና ፋሕ ጭንግራሕ ኣትይዎ ስለ ዘሎ፣ ህይወት ሃገርናን ህዝብና ናብ ንቡር ንምምላስ ነፍስ-ወከፍና ምናቱ ከልዕል ይግባእ።

*መእተዊ፣*

እዘን ዝስዕባ ዛዕባታት ኣብ ግምት ኣእቲኹም ንጽሑፋተይ ክትከታተሉ እላቦ።

1. ሰውራ ኤርትራ 1 መስከርም ብ1961 ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ኣብ ትሕቲ ከመይ ዝበለ ኩነታትን እቲ መሰጋገሪ መድረ እንታይ ይመስል ነይሩ ዝብል ትንታኔ?
2. እቲ ዘጋጥም ዛጊድ ብዝተፈላለየ ኩነታት ከም ህልው ኮይኑ ክምዝመዝ ዝኽእል ውሽጣዊ ግርጭታት ከም ዝነበረ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝነበሮን?
3. ተዋሳእቲ ሰውራ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ተመክሮ ስለ ዘይነበሮም ንቃልስና ሓደ ሃጓፍ ንመጥቃዕቲ ዝተቓለዐ ኢዩ ነይሩ?
4. ግዳማዊ ሓይልታት ብፍላይ ናይ ርእሰ-ሓይልታት ጽልዋን?
5. ሽርሒ ብውልቀ ሰብ ኣብ መፋርቕ 60ታት?
6. ኤርትራ ቅድመን ድሕሪ ናጽነትን፣ ተራ ውልቀ-ሰብን?

1. ሰውራ ኤርትራ 1 መስከረም 1961 ይጀመር እንበር ከመይ ዝበለ ኩነታት ኣብ ቅድሚ ምጅማር ዘጋጠመ ኩነታት ነይሩ? ከም ትጽቢት ብገምጋም እንታይ ይመስል ነይሩ ዝብል ትንታኔ?

ንኡስ ኣይኮንኩን ዕጫይ ሓደ ካብቶም ይከኣሎ ዝበሃሉ ኢየ። ወሃብ ውርሻ እውን ክኸውን ነይሩኒ። ነቶም ይከኣሎ ተባሂሎም ግቡኦም ዝፈጸሙ እንተ ብምብጃው ህይወት ዝኸፈሉን፣ ብኣካል ዝሰንከሉን፣ መላእ ህዝቢ ንኣገልግሎት ሰውርኡ ዘለዎ ህይወቱን ንብረቱን ዝወፈየ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዘይክፈል ዝኸፈለ ዜጋ ኤርትራ ከም ሃገር ናጻ ክትወጽእ ገይሩ። እታ ሓንትን እንኮን ባህላን ልምዳን ምስ ሕሉፍ ታሪኻ፣ ንመጻኢ ተሃኒጻን ማዕቢላን፣ ጥጡሕ ናብራ ምስ ሰላምን ቅሳነትን ወሪሳ እተውርስ ሃገር ግን ብውሽጢ መብጽዓኣ ተጠሊሙ ኣይተተገበረን። ተመንጢሉ ዝተረፈ ኣካል ወይ ሓደ ግማዕ ናይ ሕብረተ-ሰብ ይካኣሎ ዝብል ናይ ሕጫጩ ስም ተዋሂብዎ። ብሽራት ጥልመት ድማ ማይ ሓባር ዓባይ ምስክር ኢያ። እቶም ዛጊድ ካብ ምጅማር ብረራዊ ቃልስና ዝሰንከሉ ተሰውኡን ጀጋኑ ሓርነት እውን ከም ንሰደቓ ወይ ፋሲካ ዝተሓርደ ገንሸል እውን ተረሲያም። እቲ ምጅማርን ምውፋይን ክርሳዕ ዘስተብሃለ፣ እንታይ ኢና ኮና ናይ ምርሳዕ ክእለትና ማዕቢሉ? ዝብል ሕቶ ከልዕል ይግደድ። ምውፋይን ንውፉይ ምርሳዕን መዓስ ካብ 1970 ኮይኑ ተጀሚሩ። እቲ ክዓጥቕን ከድምዕን ዝወፈረ ካብ መስከረም 1961 ከም ዝጀመረ ከይተረፈ እኮ ኢዩ ተረሲዑ። ዜጋ ሓሓዲሽ ኩነታት ጥራይ ጸልይዎ ዘዝሓለፈ ክርስዕ ታሪኽን ክውንነትን እንዳ ሃሰሰ ከም ዝኸይድ ክፍለጥ ነይርዎ። እንርስዓሉን መስመርና እንበትከሉን መስመር ኮነ ኢሉ እኩይ መራሕን ትካሉን ከም ዝተወፈይልና እንተዘይ ኣስተብሂልና ከም ሃገርን ህዝብ ቀጻልነትና ዘጠራጥር ኢዩ። ህርፋን ናጽነት እንበር ህርፋን ናይቲ ብቐዳሞት ወለድና ዝተመስረተ ብሕጊ ዝመሓደር ህዝብና ተኸቲልና ማሕበራዊ ምሕደራና ክንቀርጽ ብዘይ ምኽኣልና ሎሚ ዘይተጸበናዮ ገበል ንግስተ-ሳባ ከም ጽውጽዋይ መንእሰያት መግቡኒ ክብል የጽንተና ኣሎ። ርሱን እምኒ ክንዲ ነኾልሶ ንሞትናን ጥፍኣትናን ነጣቓዓሉ ኣለና።

እቲ ካብ ወለዱን ኣያታቱን ክወርስ ብተርታ ዝቦቐለ ወለዶ ክሳብ ምርካብ ዝበጽሐ ጥፍኣትን ሕንፍሽፍሽን ሞትን ስደትን እንተ ዘይኮይኑ ከም መንእሰይ እዚኣ ትበሃል ኣወንታዊት ውርሻ ኣይወረሰን። ይከኣሎ ከም ሓደ ናይ ወለዶ ጸፍሒ ሒዝዎ ዝኣተወ ገባትን ስሱዕን ኣሰንዩ ንሃገር ብመላእ ጊላነት ጥራይ  ኣውሪስዋ። እዚ ንርኦ ዘለና ተግባራዊ ቅርጽናን ምስሊ ሃገርናን ኢዩ። ዘይጽወርን ሰፍ ዘይብልን ኣደራዕ ሃገርና ተሰኪማን ዘቢልዋን ዘጢጣ ትርከብ። ልክዕ ዓለምን ህዝብታታን  ዝምስክርዎ ጅግንነትን ዓወትን ገለ ታሪኽ ሓቂ ኣጽሒፍና። ሰውራና ተነጺሉ ዝምድና ኣልቦ ኮይኑ መስዋእቱን ክሳራታቱ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ኮይኑ ኢዩ ነታ ብርሃን ክውለዓ ትጽበ ዝነበረት ሃገሩ ኣትይዋ። እታ ናይ ምሕደራ ሽግ ግን ኣይተወለዐትን። ናጽነት መታን ሰላም ከተንጽፍ ሃገርዊ ዕርቂ ክግበር ነይርዎ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኽዎ፣ እታ ጀማሪት ፋስን እታ ደምዳሚት ፋስን ክልቲኤን ብሓባር ክዓርፋ ነይርወን። ህዝቢ ስልጣኑ ክርከብ ይግበኦ ነይሩ። ንሰውራና ህዝብና ንጸላኢ ከተውጽኡ ተዓጠቒ ኢዩ ዝበለ እንበር፣ ስለ ዝዓጠቕኩም ስልጣን ይብጻሕኩም ኣይበለን። መልእኽቱ ድማ ከምኡ ኣይነበረን። ጀብሃ ሻዕባይ ዝብል ናይ ዕጥቂ ታሪኽና ክኾና ነይርወን።  ኣብ ውሽጥና ግን ኣብ ቃልሲ ከይተረፈ ንምብጃውና ፋይዳ ዘይህብ ሞሳ ዘይብሉ ከርፋሕ ናብራ ጥራይ ዘይኮነስ ትሕዝቶ ዓወትና ከይነረክብን ከይነውርስን ተሓሪምና። ካብ መስዋእቲ ከም ህይወት ተሪፎም ገዳይም ይኹኑ ሓደስቲ ካብ ምቕልቃል ብርሃን ናጽነት ገና ውግሕ ክትብል ከላ ጀሚሮም ዕንቅፋት እንበር ሰሃራን ቅሳነትን ዘይብላ ሃገር ብኣንጻሩ ሓዲሽ ወፍሪ ጊላነት ኢዩ ዓስቦም ኮይኑ። እዚ ድማ ብመደብ ዝተገብረ ስርሒት ሓደ ሰብ ኢዩ።

ኩሉ ወፍሪ ህዝባዊ ሓይልታት ይኹን ህዝባዊ ግንባር ብኢሰያስ ዝተመደበሉ ዕላማ ኢዩ ክሃርም ዝተዋፈረ። ንሃገሩ ብቕንዕና ክጋደል ኢሉ ዝወጸ ተጋዳላይ ካብ 1 መስከረም 1961 ናጽነትን ሓርነትን ከም ጠለብ ህዝቢ ወሲዱ ኢዩ ክብጆ ዝዓጠቐ። ኩሉ ተግባሩን ፍጻሜኡን ቅኑዕ ኢዩ። ሃገራዊ ጻውዒት ስለ ዝኾነ። ኣብ ምጅማር ጎነጻዊ ቃልሲ ጌጋታት ክፍጠር ዘገርም ኣይኮነን። እቲ ጌጋታት ድማ ማሕበርዊ ቅርጺ ህዝቢ ኤርትራ ዘበገሶ ስለ ዝኾነ። እዚ ተርእዮ እዚ ኤርትራ በይና ዝተዓደለቶ ብጽሒት እውን ኣይኮነን። ምስቲ ኤርትራ ኮነ ክውንነታ ትሽዓተ ብሄራት ምህላው ከምኡ ወን ናይ እምነት ፍልልይ ደቀቕቲ ግርጭታት ምብጋሶም ዘይተርፍ ኢዩ ነይሩ። እቲ ቀንዲ ጠንቂ ብመጀመርያ ፖለቲካዊ ሽርሒ ማለት መግዛእቲ ዝፈጠሮ፣ ቀጺሉ እውን ከም ሕማም ተላባዕ ዓለማዊ ቅዲ ዘስዓቦ ኢዩ። እዚ ነፍስ-ወከፍ ህዝቢ በቶም ንስልጣኖም ዝንቀሳቐሱ በሓቲ ከም ጠንቂ ዘላዓዓልዎ ከም ናይ ርኽሰት-ህዋሳት (ብፖሎቲካዊ-ቫይሩስ) ይብገስ። ነቲ ተዳሊኻን ተመልሚልካን እሞ ብመጽናዕቲ ዝቐርብ ኣበጋግሳ ዕጥቃዊ ቃልሲ እውን ዓቢ ጸጋም ፈጢሩሉ። ኤርትራ ናይ ባዕላ ሰራዊትን ምሕደራን ኣይነበራን። እቲ ዝዓጥቕ ኮነ እቲ ንዕጥቂ ዘዋፍር መራሕ ሰውራ ተመክሮን ልምድን ናይ ጎነጽዊ-ቃልሲ ስለ ዘይነበሮ ሓደስቲ ጌጋታቱ ክፍጠር ዘገርም

ኣይኮነን። ኣብ 40ታት ዝነበሩ ናይ መግዛእቲን ጸቕጥን ዝመረሮም ከም መራሕቲ ኣንጻር ባዕዳዊ ስርዓት ክመርሑ ዝኽእሉ እቶም ክረኣዩ ዝኽእሉ ውልቀ-ሰባት እንበር ካልኦት መለኮታውያን ካብ ዘየለ ክበርቁ ኣይክእሉን። ብዘለካ ትለውስ፣ ዝሰንከትካዮ ድማ ትስንክት። እሳቶም እውን ከም ኣካል እቲ ግዙእ ህዝቢ ናጻ ኮይኖም ኩሉ መደቦም ብቓልዕ ክሕንጽጹ ዘፍቅድ ሃዋሁ ስለ ዘይነበሮም ንኹሉ ዝገብርዎ ተመክሮ ኣልቦ ምንባሩ ክርሳዕ የብሉን። ካልእ ንሓልፈሉ መድረኽ ከም መተካእታ እውን ኣይነበረን።

እቶም ፈለምቲ ቃልሲ እውን ካብቲ በቲ ኣብ ልዕሊ ዝገለጽክዎ ኩነታት ስለ ዝተጸልዉ፣ ምስኡ ውን ከም ሰባት ንዝፍጸም ጌጋታት ብግሉጽ ንምእራም ዘየተባብዕ ጸቕጢ ክነብሮም ድማ ክግምገም ዝግብኦ ክኸውን ነይርዎ። ጸላኢ ክምዝምዞ ዝኽእል ናእሽቱ ጌጋታት ተኸቲሎም ዝወሰድዎ ተጻራሪ ስጉምቲ ውጽኢቱ ከይስተብሃሉ ናብ ሓደገኛ ጌጋ ኣምሪሖም። ስምዒት ዝደፍኦን ናይ ሓርቖት ስጉምቲ ዘስዕቦ ውጽኢት ንምፍታሕ ቀሊል ክኸውን ኣይክእልን። እቶም ናይ ዕጥቂ ምርጫ ጥራይ እንበር ካልእ ባይታ ዝተጸንቀቐም  ብፖለቲካዊ ቃልሲ ክምክትዎ ዝሓሰቡ ሓይሊ፣ ቅድም ኣብ መንጎ እምነታትን ብሄራትን ፍልልይ ክነዝሕ ዝፈነዎ መርበብ ተዘርጊሑን ከም ጠነግ ጠፈሩ ከም ዝሓዞም ኣይንረስዕ። ዝተፈላለየ ብሄራትን እምነታትን ከም ዓቐን ትሑት ፍልልያት ይሃልወን እንበር፣ ኣብ ዝተናወሐ ክባላሕ ከም ዝኽእል ፈሊጥካ ብቕሉዕ ክትዝትየሉ ዘይምኽእል ሳዕቤኑ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል። ውሽጣዊ ፖለቲካዊ መስርሕ ዘድሊ ድማ ነቲ ዓቕን መጢንካ ንምውራዱንን ምፍትሑን ስለ ዘገልግል ኢዩ።  ብሸለልትነት ዝሕለፍ ዓቕናዊ ወጥሪ ደይቡ ብነድሪ ናብ ዓይነታዊ መድረኽ ክኣቱ ናይ ግድን ይኸውን። ናብቲ ዘየድሊ ጎነጽ ምድያብ ድማ ረብሓ ጸላኢ ጥራይ ዘይኮነስ ብተበግስኡ ዝኸይድ መስመር ተኸፊቱ ኣሎ ማለት ኢዩ።  ብሓፈሽኡ ኩሉ ዘካይድዎ ናይ ህይወቶም ጎደና ምስ መግዛእቲ ዝተታሓሓዘ ብምንባሩ፣ ስነ-ኣእምራዊ ጸገማት ሓላሊኹ ዝመጸ ሰፍ ዘይብል ረቂቕ ወጥርታት ኢዮም ተሰኪሞም ዝተበገሱ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣበጋግሳ ድማ ናብ ሓድሕዳዊ በደላት ብሰፊሑ ኢዩ ዘጋጥም። እቲ ኣብ 40ታት ብስርዓት ሃይለስላሴን ኣዋፈርቱን ኮለነል ነጋ ሃይለስላሴ ዘዕጠቖም ሽፋቱንን ዝፈጸምዎ በደላትን፡ ከምኡ ውን ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ ኣንድነት ምስ ኢትዮጵያ ዝብሉን፣ ኤርትራ ናጻ ክትከውን ኣለዋ ዝብሉን፣ ክልተ ኣካላት ምንባሮም ታሪክና ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ነዚ ሓደ ግማዕ ታሪኽና ከዊልና ክንሰግሮ ኣይግባእን። ፈቲና ጸሊእና ከም ዘለዎ ኢዩ ክግለጽ ዝግባእ። ንመጻኢ ቅርጽና ንዝተፈጸመ መፍትሒ ሕጂ ክንጸፍ ኣለዎ። ጊጋ ምፍጻም'ውን ሓደ ክፋል ሃገርዊ ቅርጺ ኢዩ። በዚ ጎድና እዚ ዘይትሓልፍ ሃገር እውን የላን። ንሕና ለባማት ወለዲ ኣብ ኩሉ መላእ ሕብረተ-ሰብና ስለ ዝነበሩና ናይ ወጥርን ሽግርን ኣይወረስናዮ ድኣ እንበር ኣብ ካልእ መድረኽ ታሪኻዊት ዓለም ኢና ኣቲና። ምስ ትሕዝቶና ደኣ እንበር ዘይነበረና ክንስከም መታን ንትሕዝቶና ከነራግፍ ኣይግባእን። እዚ ሎሚ ዘጋጥመና ዘሎ ምጅላሕን ምኽሽካሽን ናይ በደል በደል ናይ ግፍዒ ግፍዒ ኢዩ። ኣብ ልምድናን ባህልና ዓቒርና ታሪኽና ሰሪዕናን ደርዲርና ከነንብር ዝግበኣና። ቀጻልነት መሰረትካ ኣፍሪስካ ካልእ ምህናጽ ረብሓ ሃገር ክኸውን ኣይክእልን። ምስልኻን ስእልኻን ምድምሳስ ናይ መንነት ሕርኽራኽ ኢዩ። ካልእ ክኸውን እውን ኣይክእልን። እቲ ክፉእ ካልእ እዚ ሕጂ ዘጋጥመና ዘሎ ኢዩ። ከምቲ ንፋቐሮ ክንጋራጨኦ ድማ ከም ንኽእል ምፍላጥ። ሓደ ተነጺሉ ዝነብር ኢዩ ዘይጋራጮ። ክልተ ክትከውን ከለኻ ናይ ኣረኣእያ ፍልልይ ክፍጠር ባህሪይዊ ኢዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ኢዩ ምስ ተመክሮ ሽግር መፍትሒ ብልሃት ዝተመርጸ። እሱ ድማ ኢዩ ፖለቲክ ተባሂሉ ዝተጸወዐ።

ነናቶም መግለጺ እውን ኣለዎም። ስርዓት ንግስነት ሃይለስላሰ ብገንዘብን ሽመትን ዕጥቅን ነቲ ንዕኡ ዝውክል ጉጅለ ክምውሎ ከሎ ንቀጽሪ ናጽነት ግን ህዝባዊ ደገፍ እንተዘይ ኮይኑ ካልእ ኣብ ጎድኑ ደው ዝበለ ደጋፊ እውን ኣይነበሮን። ህዝብና ከርፋሕ መነባብሮን መግዛእትን ረጊጹን ዓትዒዎን ስለ ዝነበረ እታ እንኮ ክገብራ ዝኽእል ብዕማኾ ግናዕ ኢዱ ጥራይ ወኒኑ ኢዩ ንክቃለስ ዝወፈረ። ኣብቲ ትሕዝቶ ኣልቦ እዋን ድማ ምረትን ነድርን ጎድኒ ጎድኒ መኻይዲ ኢየን። ጌጋ ኣይተፈጸመን ማለተይ ኣይኮነን። ግን ኣቲ እዋን እቲ ዝነበሩ ሃገራውያን ብዝያዳ ለባማትን መስተውዓልትን ጥራይ ዘይኮኑስ ተጻዋርነቶም ንክትገልጾ ዘስደምመካ ስነ-ጥበባውያን ምንባሮም ኢዩ። ምስ ሎሚ መዋዳድርቲ ገርካ ከተቕርቦም ናይ ታሪኽ ግልቡጥ ስነ-ሞጎት ይኸውን። ብቓልዕ እምነቶም ምስ ኣሕዋቶም ዝገልጹን ዝካትዑን። ትኽትዕ ውዒሎም ብሓባር ዝምገቡ። ንጽልእን ቅርሕንትን ኣልዮም ዝምድናን ጉርብትናን ዘይጨዱ። መን እሞ ኣብዚ እዋን እዚ ከምቲ ናቶም ባህርን ጠባይን ኣሰራርሓን ኣለኒ ክብል?

ኣብ ትሕቲ ለባም ናይ ወለድኻን ህዝብኻን ምዕባይ ዓቢ ሃገራዊ ረብሓ ኢዩ። ኣብ ሓጎሶምን ሓዘኖምን ዘካይድዎ ናይ ሓባር ተግባራት ንቕርጺ ማሕበራዊ ጠባያትና መግለጺና ኢዩ። ኩሉ ተግባሮም ድማ ናይ ፍታሕ ኣፈጻጽማኦ ተኸቲሉ ስለ ዝትግበር ስኑድ ትምህርቲ የበርክት። ከም ንኡስ ዕድመ ኢድ ከተሕጽብ መኣዲ ከተቕርብ፣ ድሕሪ መኣዲ ምልዓል ድማ ተመሊስካ ኢድ ከትሕጽብ ከለኻ ኣገልግሎት ጥራይ ትህብ ዘለኻ ኮይኑ ዘስምዕ ስእሊ ጉጉይ ኢዩ። ኣብቲ መኣዲ ዝካየድ ምይይጥ ድሕሪ ገበታ ድማ ኣብ እግሮም ኮፍ ኢልካ ዝካየድ ታሪኻውን ኣዋናውን መግለጺታት፣ ናይ ምምዕዓድ ኮነ ናይ ርእይቶ ምልውዋጥ እሞ ስነ-ስርዓትን ኣኽብሮትን ዝተሓወሶ ምውቕ ምስ ፍሽክታን ምስላታትን ያታን ዳእላን ዝተሓወሶ መረድኢታት ሰሚዕካ ምምሃር፣ ጽፈትን ላዛን ኣዘራርባ፣ ብሰፊሑ ኣብ ፍልልዮም ኮነ ኣብ ጥምረቶም ብሓባር ከም ዝጎዓዙ ርኢኻ ካብቲ ንሶም ዝተመገብዎ ዝበለጸ ፍልጠት ትቐስም። ሃገራዊ ቅርጺ ንብሎ ድማ ካልእ ዘይኮነስ ናይ ሓባር መለክዕን መለለይን ሃገር እውን ኢዩ። ብሄራትና ኣዝዩ ተቓራራብን ተዛማድን ሕሉፍ-ሰረት ህልው መርገጽን ነይሩና። እወ ነይሩና ዘብል ኩነታት ስለ ዝኣተና ኢና ነይሩ ንምባል ዝገልጽ ዘለኹ።

2. ምምዝማዝ ውሽጣዊ ግርጭታትና።

መትረብ ስወዝ ክኽፈት ዘድለየሉ ምኽንያት ክልተ ረብሓታት ስለ ዘለዎ ኢዩ። ቀዳማይ ነገር ንዝተፈላለየ ንግዳዊ ምምልላስ ዋጋ ንምንካይ፣ ናይ መጎዓዝያ ዋጋን ግዜን ስለ ዝቑጥብ። ቀጺሉ እውን ናይ ግዜ ምቑጣብን ብፍላይ ድማ ብኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ሰንጢቕም ዝገብርዎ መስመር ናብቲ ህንዳዊ ውቅያኖስ ዝሰጋገሩሉ ኣብ ክልቲኡ ማያት ናይ ሓደጋ ዝተቓልዑን ናይ ህይወት ጥፍኣት ምንጉዳል ዓቢ ረብሓ ነይርዎ። ናይ ሞያውያን ንብርትን ብርሰት ስለ ዝንኪ ተገምጊሙ ብናይ ፈረንሳ መሃንድስ ፈርዲናንድ ደለስፕስ ውጥን ድሕሪ 10 ዓመታት እቲ መትረብ ተኳዒቱስ ኣብ ኣገልግሎት ይጅምር። ቅድሚ እዚ ግዜ እዚ እቲ ብስም ኦትማን ንግስነት ዝፍለጥ ናይ ቱርኪ ምስፍሕፋሕ ኣብ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ብዙሕ ወራራት ኣካይዱ ነይሩ። ግብጻውያን እውን ምስቲ ናይ ቱርኪ ምንቅስቓሳትን ረብሓን ተኸቲሎም ክስዕቡ ክኢሎም። ኢትዮጵያውያን እውን እንተኾነ ካብቲ ዘበነ መሳፍንቲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ እዋን ንውሽጣዊ ውድድር ዘድሎዮም ኣጽዋር ንምሽማት ኮነ ንኻልእ ሃልክታት ነቲ ብሰሜን ዝርከብ ህዝብታት ጥሒሶም ከስፋሕፍሑን ጽልዋታቶም ከሕድሩ ጀመሩ። ልክዕ ኢዩ እዚ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ዝርከብ ህዝብታት ከም ታሪኽ ብዙሕ ምትእስሳር ዘለዎ ጉርብትና ከም ዝነበሮ ታሪኻዊ ሓቂ ኢዩ። ካብን ናብን ናይ ህዝብታት ብጉስነትን ሰበኽ-ሳግምነትን ናይ ሳዕርን ማይን ቦታ ምንዳይ ዘበገሶ ወቕትዊ ምንቅስቓሳት እውን ነይሩ ኢዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ከባቢታት ምትሕንፋጽን ንግዳዊ ምልውዋትን እውን ክነብር ናይ ግድን ይኸውን። ወራራትን ምድማያትን ድማ ሓቢሩ ይቀላቐል። ናይ ከብቲ ናይ ንብረት ምምንዛዕን ምክልኻልን ምስኡ ብሓባር ይካየድ። እቲ ካብ ወልዶ ግእዝ ከም ሱር ዝቦቐለ ስላጣኔ ናቱ ናይ ብሄራት ምፍንጫልን ምትእስሳርን ዘለዎ ህዝብታት ጎድኒ ጎድኒ ዝነብሩሉ ከባቢ ይፈጥር። ኣብ ከባቢና እውን መበቆል ናይ ክልቲኤን እምነታት ኢዩ። ካብዚ ከባቢ እዚ ዝቦቐለ እምነት ዳርጋ ናብ ኩለን ኩርናዓት ዓለም ክዋፈር በቒዑ። ስለዚ ከባቢና ስትራተጂካዊ ቦታ ምንባሩን ክህልዎን ዝከሓድ ኣይኮነን። ኤርትራ ከም ፍልይቲ ሃገር ብዝያዳ ናይ ገዛእታ ምልውዋጥ ከም ቀንዲ ምኽንያት ዝገልጽ ዝከኣል፣ እቲ ቀንዲ ኣድላይነት ናይቲ ዘላቶ ከባቢ ኢዩ። ቱርኪ፡ ግብጺ፣ ጥልያን፣ እንግሊዝ፣ ኢምበራጣርያዊት ኢትዮጵያ ኣብዚ ከባቢ የእዳወን ክመልሳ ከለዋ ዘበገሰን ረብሓታት ነይወን።

እዘን ኩለን ዝተሰምያ ሃገራት ናተን ሕማቕ ጽልዋ ኢየን ገዲፈን። ዘገርም እውን ኣይኮነን። ሃገራት ብህዝቢ ክምረሓ ዝጀመራሉ ከም ክልሰ-ሓሳብ ብዙሓት ፍላስፋታት ቅድሚ ኣምኣት ዓመታት ብፍልስፍናዊ ኣገላልጻ ጽሒፎም። ከም ሓሳባት ድሙርን እኩብን መጽናዕትታት ኣዝዩ ሃብታም ዝኾነ ሰነዳትን ኣለዉ። ህዝባዊ ዋሕዝን ምድብላቕን ሃላኺን ንዋታዊ ጥሪት ከተናዲ ምንቅስቓን ናቱ ኣወንታውን ኣሉታውን ሳዕቤናት ሒዙ ኢዩ ዝመጽእ። ረብሓ ክሳብ ዘሎ ወጥሪ ክህሉ ናይ ግድን ይኸውን። ሓድሕዳዊ ድርብ ረብሓ ዳርጋ ስሕት ኢሉ ኢዩ ዝፍጸም። ኣብ ህዝብና ግን ሓባርዊ ረብሓ ዝጸልዎ መስርሕ ዝትግበረሉ ከባቢ ብምንባሩ ሰላማዊ ህይወት ትርጉም ነይርዋ። ከምዚ ዝበለ ከባቢ ድማ ንጸላእቲ ከም ዝዕድም ምፍላጥ የድሊል። ዘተስተውዓለን ዘየቕለበን ከም ዝውረር ዓለማዊ ታሪኽና ኢዩ። ቀያሕቲ ህንዳውያን ወይ ዘርእታት ማኦሪ ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይከኣሉ። ኣብዛ ናይ ሎሚ ኣመሪካ እውን ክሳብ ውግእ ሓድሕድ ዘምርሐ ጎነጽ ምንባሩ እውን ይትረኽ። ተኻፈልቲ ብሓባር ይወሩ ክካፈሉ ከለዉ ድማ ይናቖቱ።

ሃገርና ኣብቲ ክልቲኡ እውነታት ዝተበገሰሉ ከባቢ ስለ ትርከብ ክትጽሎ ናይ ግድን ኢዩ። ስለዚ ሰረተ-እምነት ትከቲልና ጽቡቕ ባህልን ልምድን ክንክተል ናይ ግድን ይኸውን። እስኪ ጥብቕ ኢልና ንተዓዘብ። ህዝብና ከም ህዝቢ ተማቒሉ ብሓባር ዝነብረሉ ባህልን ልምድን ነይሩዎ። ኣብ ኩለን እምነታት ምርድዳእ ዝሰብኽ ሰብኣዊ ተግባራት ምስ መለኮታዊ ግርማን መጎስን ዝተሓወሶ ሰረት እውን ተመስሪቱ። መሬት ናይ ክሉ ዝብል ናብ ዴሳን ዋሬዳን ዝተፈጸመሉ ብዘይካ ኣብ ኤርትራ ኣብ ካልእ ሰሚዔን ኣንቢበን ኣይፈልጥን። ክህሉ ኣይክእልን ዝብል ኣባሃህላ ገርካ ክውሰድ የብሉን። ኩሉ ኣጻሓሕፋይ ኣብ ኤርትራዊ ህዝባዊ ትካላት ዘምረሐ ኢዩ። ኣብ ቆላታት ኤርትራ እውን መሬት ንሞጋሰ ኮነ ንሓደ ተወላዲ ብጽሒቱ ማዕረ ኢዩ። ጥልያን ንክጥዕሞ ዶመንያለ ዝብል ሸፈጥ ምእንቲ ክራሲ ተጠቒሙ ነይሩ። ኤርትራዊ ናይ መነባብሮ ድማ ታሪኻውን ኣወንታውን ኢዩ። ኩሉ እቲ ባህላዊ ኣተዓባብያ ዝወረሱ እቶም ናይ 40 ታት ወለድና እዚ ኣብ መርዓ ዝረአ 8 ሰባት ሓንቲ መኣዲ ከም ኣብነት ዝተኸተልዎ ካብ ሰረት ባህልና ኢዩ። ንሽሞንተ ብሄራት ነፍሰ-ወከፍ ሓደ ሰብ ይውክለን ክብሉ ኢዮም መዲቦሞ። ታሪኽና ኢዩ እሞ ንመሃሮ። ኣብ እምነት እስልምና እሞ ኣዚዩ ዝበለጸ። ድኻን ሃብታምን፡ ለባምን ዓሻን፡ ዕሩቕን ክዱንን፡ ዘይፈሊ ናይ ሓባር መእዲ ከቢቦም ምስ ምምስጋን ኣላህ ይበልዕን የመስግኑን። ምቕሉሉልን ክፉትን ባህሪ። ስለዚ ኢና ድማ ኢና ብሓባር ንመግዛእቲ ከነውድቕ ብሓብር ዝተዋደቕና። እቲ ናይ ሓባር ምምጋብ ኣብ ከባቢና መላእኽትን መላኢካን ኣለዉ ተባሂልና ዝዓበናሉ ኣሚናን ተኣሚናን ኢና ንሃገርና ካብ 1961 ክሳብ 1991 30 ዓመታት ተዳሚናላ። እዚ ክበሃል ከሎ ነፍስ-ወከፍና ታሪክና ዘማዕበሎ ነናህና ከባቢ ኣለና። ከናቒተና ዝደሊ ነቲ ናይ ሓባር ዋንነት ብኻልእ ሰሪዑ ባዕላዊ ኣተገባብራ ስለ ዘኸትል፣ ነቲ ንግዳም ብሓባር ዝመከትናዮ ሴፍና ናብ ውሽጢ ኣእትዩ ኢዩ ነቲ ሰፈራ ዝብል ሓዊ ክውልዕ ዝተበገሰ። ናይ ሎሚ ወፈራ ናይ ጽባሕ ጥፍኣት ኢዩ።

ኣብ ቀጻሊ ክፋል ድማ ኣብ ሰውራ ዝተሓወሱ ናይ ውሽጥን ናይ ግዳምን ኣሉታውያን ረቛሒታት ቁጽሪ 3ን 4ን ኢየ ከቕርብ። 5ይትን 6ይትን ንውልቀ-ሰብ ትሓዚኤን ኣለዋ። ከም ህዝቢ ንበራብረሉ ጻውዒት ብኹላህና ክቐርብ ኣለዎ እሞ ምሁርትና ኣወንታዊ ታሪኽና ኩላህና ስለ ንፈልጦ ክድገመልና ኣይምጸላእናን፣ ብኣንጻሩ ግን ዝተዘንጋዕናሉን ዝተጋገናዮ ለቒምኩም ከተረድኡና ንምሕጸነኩም።

ተስፉ ዘውደ።

ኣብ ቀጻሊ ጽሑፈይ የራኽበና።